# ንደሕንነቱ ዝተሓለወ መንገዲ ቤት ትምህርቲ ትንታነ ዘርኣዊ ፍትሒ

TIGRINYA

## ናይ ዘርኣዊ ፍትሒ ራእይ

ራእይና ናይ ስያትል ቤት ትምህርቲ ተምሃሮ መዓልቶም እዞም ዝስዕቡ ሓዊሱ ናይ ምጉዕዛን ብሸክለታ ምዝዋርን ጥቕሚ ብምርካብ መዓልቶም ንኽጅምሩ:

- ክዘናግዑ
- ድሕንነቶም ከም ዝተሓለወ ክስመዮም
- ምስ ማሕበረሰቦም ዘለዎም ርክብ ምጥንኻር
- ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ቁርሲ ሰዓት እንተየርፈዱ በጺሖም ንኽመሃሩ ድልዋት ይኾኑ
- ዝተመሓየሸ ኣካላዉን ኣእምሯዉን ጥዕና

ስያትል ዘርኣዉነት ኣብ ምቅላስን ፍትሓዊ ከተማ ኣብ ምህናጽ ዝገብሮ ጻዕሪ ንምሕጋዝ ኣብ እዞም ዝስዕቡ ጉጅለታት ዝርከቡ ተምሃሮ ነተኮር፤ ናይ ከለር ማሕበረኮም፣ ትሑት እቶት ዘለዎም ማሕበረኮም፣ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ማሕበረኮም፣ ስንክልና ዘለዎም ሰባት፣ ገዛ ዘይብሎም ወይ ናይ ገዛ ዉሕስና ዘይብሎም፣ ማሕበረኮም LGBTQ ከምኡ እዉን ደቂ ኣንስትዮ፡፡



ንሲያትል ከለርድ ተምሃሮ ብዝበለጸ መንገዲ ንምትእንጋድ፤መደብ ድሕንነቱ ዝተሓለወ መንገዲ ቤት ትምህርቲ ብኸመይ ከምነመሓይሾ ብዝበለጸ ንምርዳእ ምስቲ ማሕበረሰብ ንምስራሕ ቁሩባት ኢና፡፡

## ናይ ከይዲ ምምሕያሻት

ኣብ 2018 ናይ ድሕንነቱ ዝተሓለወ ናይ ቤት ትምህርቲ መንገዲ ጉጅለ፡

- ሕብሪ ዘለዎም ተምሃሮ ናብ ቤት ትምህርቲ ብእግሮምን ብብሸክሌታ ክጎዓዙ ከለው ዝገጥሞም ማሕለኻታት ንምፍታሕ ንናይ ቤት ትምህርቲ ዘርኣዊ ፍትሒ መፅናዕቲ ድሕንነቱ ዝተሓለወ ናይ ቤት ትምህርቲ መንገዲ ፈጢሩ እዩ፡፡ እዚ ፅንዓት ብ 9 ቋንቋታ ዝካየድን ኣብ ኦንላይን፣ ናይ ቡስጣ ሳፁንን ኣብ ኮማዊ ፍፃመታት ክርከብ ይኽእል፡፡
- ዘርኣዊ ፍትሒ ፅንዓት ንምፍላጥን ብዛዕባ ናይ ሂወት ተሞክሮኦምን ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸዱን ክመፁን ከለው ብዛዕባ ዝገጥሞም ማሕለኻታት ንምፍላጥ ምስ ተምሃሮን ስድራኦምን ዕሙቕ ዝኾነ ዝርርብ ንምክያድ እንተነኣሰ 85% ዝፅግዑ ሕብሪ ዘለዎም ተምሃሮ ምስ ዘለዎም 10 ቤት ትምህርታት ተጣሚሩ እዩ፡፡
- ብፍሉይ ንሕብሪ ዘለዎም፣ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተቲ ኮማት ኣብ ዝተዳለው ፍፃመታት ልዕሊ 50 ኮማዊ ፍፃመታት ተሳቲፍና
- ናይ ዘርኣዊ ፍትሒ መፅናዕቲ ንምፍላጥን ከም ፎከስ ግሩፐን ኣብ ልዕሊ 10 ዝኾኑ ናይ ቡና ስተዩ ኮማዊ ትካላት ዝኣመሰሉ ፎከስድ ኣውትሪች ንምክያድ ምስ 40 ዝኣኸሉ ኮማዊ ትካላት ተጣሚርና ኢና
- ካብ 2017-2018 ናይ ትምህርቲ ዘመን ካብ ካልኣይ ብርኪ ተምሃሮን ወለዶምን ልዕሊ 250 ዝፅግዑ ናይ ፅንዓት መልስታት ተቐቢልና
- ካልኣይ ዙር ኣብ 2018 ፅድያ ንዝግበር መፅናዕቲ እቲ ናይ ፅንዓት ተሳትፎ ተበፃሕን ፍትሓውን ንምግባር ናይ ፅንዓት ተበፃሕነትና ኣመሓይሽና ኢና

ካባኹም ክንሰምዕ ንደሊ ኢና!
ደቅኹም ናብ ቤት ትምህርቲ ብእግሮም ንኽጎዓዙ ብሸክለታ እንዳዘወሩ ንኽከዱ ብኸመይ ክነቐልለሎም ንኽእል? እቲ ዘርኣዊ ማዕርነት ፅንዓት ኣብ መስከረም 2018 ዳግማይ ክንከፍቶ ኢና፡፡
ናይ ፅንዓት ሊንክ: www.seattle.gov/transportation/srts-rea


መረዳእታን መራኸብን
www.seattle.gov/transportation/srts-rea
መርሕ ፕሮጀክት | Mitchell Lloyd | 206.256.5378 | mitchell.lloyd@seattle.gov
ናይ ፕሮጀክት መተሓባበሪ | Elise Rasmussen | (206) 615-1336 | elise.rasmussen@seattle.gov
ናይ ደሕንነቱ ዝተሓለወ መንገዲ ቤት ትምህርቲ መደብ ኣመሓዳሪ | Ashley Rhead | (206) 684-7577 | ashley.rhead@seattle.gov


Seattle Department of Transportation

## ናይ ዘርኣዊ ፍትሒ ትንታነ ከይዲ

ኣብቲ ቀጸሊ ዓመት ናይ ዘርኣዊ ትንታነ ዝኸዉን:

ተዛዚሙ
ኣብቲ ዝሓለፈ እቲ ማህበረሰብ ብኸመይ ከም ዘገልገልናዮ ዘርኢ መረዳእታ ምትንታን

2018
ብቲ መደብና ጽልዋ ዝሓደሮም ሰባት ብምይይጥን ክትትልን ነካትቶም

ብዝቐበልዎ ናይ ተምሃሮ ዘርኣውን ቋንቋን ኣፈላላይ መሰረት ምስ እዞም ዝስዕቡ 40 ኮማዊ ትካላት ክንተሓባበር ኢና:

- ኣኪ ኩሮስ ማእኸላይ ቤት ትምህርቲ
- ባሊ ጋትዘርት ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ
- ኮንኮርድ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ
- ዴርቦርን ፓርክ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ
- ዱንላፕ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ
- ራይነር ቢች ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ
- ዌስት ሲያትል ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ
- ዊንግ ላከ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ

ሓጋይ 2019
ዘርኣዊ ፍትሒ ትልሚ ራኢና ንምስኻዕን ሓዱሽ ስትራተጂ ንምምዕባል ምስ ሕብራዊ ኮማት ምትሕብባር:: ናብቲ ራኢና እንንብሮ ገስጋስ ንምልካዕ ናይ ገምጋም ኣገባብ ምልላይ::

ጽድያ 2019
ናብቲ ማሕበረሰብ ሪፖርት ምግባር

## ናይ ደሕንነቱ ዝተሓለወ መንገዲ ቤት ትምህርቲ ትንታነ ዘርኣዊ ፍትሒ ንምንታይ ኣድላዪ ኮይኑ?

መብዛሕትኦም ሲያትል ዘለው ተምሃሮ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውቶቡስ ስለዘይረኽቡ እዚ ስራሕ ብቐጥታ ናይ ሕብሪ ዘለዎም ተምሃሮ ይምልከት: ፡ ምስ ቤት ትምህርቲ ብንጥፈት ምስታፍ ምስቲ ዓብይ ኣካዳምያዊ ስክዕቲን ዝተመሓየሸ ኣካላውን ኣእምሮውን ጥዕና ዝተመሓየሸ እዩ::

ዋላኳ ኣብቶም ዝሓለፉ ኣርባዕተ ዓሰርተ ዓመታት ቁጽሪ መናእሰይ ኣርባዕተ ዕጽፊ እንተወሰኸኳ ቁጽሪ እቶም ናይ እግሪ ጉዕዞ ዝገብሩን ብሽክለታ ዝዝዉሩ ተምሃሮ ኣዝዩ ቀኒሱ እዩ፤ እዚ ድማ ንከለርድ ማሕበረሰብ ናይ ዘይምምጥጣን ጽዕንቶ ኣሕዲሩ እዩ::

- ጸለምትን ላቲኖን ዝኾኑ ህጻናት እቲ ዝዓበየ ናይ ህዝርጥና መጠን ዘለዎም እንትኾኑ ከምኡ እዉን እቲ ዝነኣሰ ናይ ፓርክ፣ መጻወቲ ወይ እግሪ ጉዕዞ ዝገብሩሉ መንገድታት ዕድል ኣለዎም
- ናብ ¼ ዝጽግዑ ጸለምቲ መናእሰይ ምስ 13% ዝኾኑ ጸዓዱ መናእሰይ ክነጻጸሩ እንከለዉ ካብቲ ዝምከር መዓልታዊ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዝተሓተ ይንቀሳቐሱ::
- ኣብ ሰያትል እቲ ዝዓበየ ከለር ተምሃሮ ዘለዎም ቤት ትምህርታት ካብ 50% ናይ ከለር ተምሃሮ ዘለዎም ቤት ትምህርታት እንትነጻጸር እቲ ዝነኣሰ ናይ እግሪ ጉዕዞ መግበርን ብሽክለታ መዘወርን ኣለዎም

ራኢና ንምስኻዕ ኣብ መንጎ ተምሃሮ ስያትል ዘሎ ናይ እግሪ ጉዕዞን ምዝዋር ብሽክለታን ዘሎ መጠን ኣፈላላይ ክንርዳእን መፍትሒ ንምምጻእ ምስቲ ማሕበረሰብ ክንሰርሕ ይግባእ::

ናይ 2015 ናይ ሲያትል ተምሃሮ ምዝዋር ሳይክልን ብእግሪ ምጉዓዝን ሚእታዊ ብዘርኢ ክርአ እንክሎ




ኣብ ቤት ትምህርቲ ንጡፍ ምንቅስቓስ ምግባር ዘላቒ ዝኾነ ናይ ጥዕና ጥቕምታትን ምስ እዞም ዝስዕቡ ዝተተሓሓዙ ናይ መናእሰይ ርጉዲ ክቕንስ ይኽእል:

- መትነ-ልባዊ ሕማማት
- ሕማም ሽኮር
- ሕማም መንሽሮ
- ስትሮክ

ብተወሳኺ ድማ ምዉሳኽ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዝተመሓየሸ ኣካላዉን ኣእምሯዉን ጥዕናን ኣካዳምያዊ ብቕዓትና ንኽንዉሰኽ ይገብረና::




ኩሎም ህጻናት ዘለዎም ዘርኣዊ ዓሌት ብዘየገድስ ጥዕና፣ ሓጎስን ትምህርቶም ናይ ምስኻዕ መሰል ስለዘለዎም፤ ኣብ ሞንጎ ተምሃሮ ዝግበር ንቕሕ ርክብ ንምብርትታዕ ናይ ስያትል መደብ ድሕንነቱ ዝተሓለወ ናይ ቤት ትምህርቲ መንገዲ ፍትሓዉነት መሰረት ዝገበረ መስርሕ ይጥቀም::